# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.225 | ሰንበት 19 ግንቦት 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ሓደ-ሓደ ካብ ታሪኽና ብሓጺሩ (II)



ገጽ 3
“ኣብ ንኡስ ዞባና ዝሓሸ ዝርግሐ . . .



ገጽ 4
+++



ገጽ 5
ምልክታ

ገጽ 7
ዳንኤል የውሃንስ (ግራይ) . . .



## መራሕቲ ግብጺ፡ ኣውስትራልያ፡ ስጳኛን ክሮኤሽያን ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ግብጺ፡ ኣውስትራልያ፡ ስጳኛን ክሮኤሽያን፡ ብምኽንያት ጽንብል መበል 33 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ “የሃና” ኢሎም፡፡

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ፡ ጠቕላሊ ኣመሓዳሪ ሓብራዊ ሃብቲ ኣውስትራልያ ዴቪድ ሃርሊ፡ ንጉስ ስጳኛ ፊሊፕ፡ ከምኡ’ውን ፕረዚደንት ክሮኤሽያ ዞራን ሚላኖቪች ኣብ መልእኽቶም፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕናን ናይ ስራሕ ኣሳልጦን፡ ንኤርትራን ህዝባን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም፡፡

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ግብጺ ዓብዱልፈታሕ ኣልሲሲ ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጐ ግብጽን ኤርትራን ዘሎ ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ዝተሰረተ ታሪኻዊ ዝምድናን ንሓባራዊ ረብሓታት ክልቲኡ ሓው ህዝብታት ብዘገልግል ኣብ ኩሉ መዳያት ንምምዕባሉን ንምድንፋዑን ዝሎ ድሌትን ድልውነትን ኣረጋጊጹ፡፡

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ምድላዋት ጽንብል መበል 33 ዓመት በዓል ናጽነት ይጻፈፍ

“ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!” ብዝብል ቴማ ዝቐርብ ጽንብል መበል 33 ዓመት ናጽነት ንምድማቕ፡ ብደረጃ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ክቐርብ ዝጸንሐ ምድላዋት ከምእተጻፈፈ፡ ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ ወ/ሮ ሓዋ መሓመድ ሓቢራ፡፡

ንኤሪና ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ ወ/ሮ ሓዋ፡ ናጽነት ንምምዛኑን ንምዕቃብን ዝተኸፍለ መሪር ቃልስን ኣብኡ ዝተኻየደ ክብርታትን በቲ ሓደ፣ ኣቲናዮ ዝለና መድረኽን ቴማ ጽንብልን ድማ በቲ ካልእ ዘንጸባርቕ መደባት ንምድላው፡ ንኣሰታት ክልተ ኣዋርሕ ጸዑቕ ስራሕ ከምእተኻየደ ብምግላጽ፡ ድሮ’ውን ስፖርታዊ ውድድራት፡ መደባት ዋርሳ፡ ሰሚናራት፡ ናብ ህጻናት ዝቐንዐ መደባትን ዑደት ጉጅለ ባህሊ ንስሪ ናይ እዚ ምብራቕን ከምእተሰላሰለ ኣብሪሃ፡፡

ኑቲ ብደረጃ ዞባ ብ23 ግንቦት ኣብ ከተማ ዓሰብ ዝቐርብ ጽንብል ንምድማቕ ድማ፡ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ምርኢት ፈጣናትን ልምዳውያንን ጀላቡ፡ ከምኡ’ውን ምሩጽ ጥበባዊ መሰናድኣታት ተዳልዩ ከምዘሎ ብተወሳኺ ገሊጻ፡፡

ብዘይካዚ፡ ህዝቢ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከቢቢ ምስ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል ብድምቀት ንምጽንባል ብዝተኻየደ ምድላዋት፡ ብደረጃ ን/ዞባ ኣራዕታ ኣብ ጠዮ፣ ብደረጃ ማእከል ደንካልያ ኣብ ዕዲ፣ ብደረጃ ደቡብ ደንካልያ ድማ ኣብ ኣሳ ከምዝጸንሔል ሓቢራ፡፡

ወ/ሮ ሓዋ ኣብ መወዳእታ፡ ካብ 23 ክሳብ 26 ግንቦት 8 ጉጅለታት ባህሊ ዝሳተፍኦ፡ ብዝተፈላለዩ ትካላት ዝተዳለወ ስእላዊ ምርኢትን ቁሸት ምምሕዳራት ከቢብን ዘጠቓልል ንጥፈታት ኣብ ቀጽሪ ራሱ’ገዝ ከምዝእንገድ ብምግላጽ፡ መድረኽ ምስግጋር ታሪኽን ምውርራስ ክብርታትን ክኸውን ፍሉይ ምድላው ከምእተገብረሉ ኣፍሊጣ፡፡

## ብምኽንያት በዓል ናጽነት ሃማደኤ ዘዳለዎ ስእላዊ ምርኢት ቀሪቡ






ብምኽንያት ጽምብል መበል 33 ዓመት ናጽነት፡ ብሃገራዊ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ዝተዳለወ ብስብሰርሓ ብልሒ ዝተሰነየ ኣዘንታዊ ስእላዊ ምርኢት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ኣብ ዝተረኸብሉ፡ ብ17 ግንቦት ኣብ ኣስመራ ቀሪቡ፡፡

እቲ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ማሕበር ዝቐረበ፡ ንታሪኽን ቅያን ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ዘዘንቱ፣ ተሳታፍነተን ኣብ ልምዓታዊ መደባት ዘኩልሕ፣ ከምኡ’ውን ንግፍዕታት ጸላኢ ዘንጸባርቕ ምርኢት፡ ብሚኒስተር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ እዩ ተኸፊቱ፡፡

ካብ ኣወሃሃዲት ኮሚተ ናይ’ቲ ምርኢት መምህር ዛይድ መስፍን ወርሒ ግንቦት - ኑቲ መርሓና ዝኾነ ሃገራዊ ክብርታት ብዝተፈላለየ መሰናድኣታት እንጽምብለላን መብጽዓና እንሕደሰላን ርዝን ወርሒ ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ እቲ ምርኢትን ኣቕዲሙ ዝተኻየደ ኣብ ሓቀኛ ዛንታ ዝተመርኮሰ ውድድር ሓጺር ዛንታን ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ገሊጹ፡፡

ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤል፡ እቲ ንዓቕሚ መንእሰያትና ዘንጸባርቕ መደብ፡ ክብርታት ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ታሪኽን ጅግንነትን ኤርትራውያን ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምውራስን ንምስራጽን ዓቢ ከምእተወደበ ኣረዲኣ፡፡

ኣብ’ቲ ኢጋጣሚ፡ ኣብ ውድድር ሓጺር ዛንታ ንዝተዓወታ ሽልማትን ወረቐት ምስጋናን ተዓዲሉ፡፡

**ውሕስነት ሰላም ብመኸተ!**

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ሓደ-ሓደ ካብ ታሪኽና ብሓጺሩ (II)

*- ሃገርና መዓስ'ያ "ኤርትራ" ዝተባህለት?*

*- ኢጣልያውያን ስለምንታይ ናብ ኤርትራ ብቐሊሉ ክኣትዉ ክኢሎም?*

*- ካልኣይ ኲናት ዓለም ምስ ኤርትራ ዘተኣሳሰሮ እንታይ'ዩ?*

*- ኤውሮጳውያን ንኣፍሪቃ መዓስ'ዮም ዝፈለጡዋ?*

*- ንኢጣልያ "ኣይትቐሰን" ዝበሉዎ ሓርበኛታት ኣቦታት መነመን'ዮም?*

ካብ 15 ክፍለ-ዘመን ኣትሒዙ ኣገዳስነት ኣፍሪቃ እናዓዘዘ'ዩ ዝመጽእ ዝነበረ። ግሪኻውያንን ሩማንያውያንን ካብ ቅድም ኣትሒዞም ንሰሜናዊ ገማግም ኣፍሪቃ ይፈልጡዎ ነበሩ። ኤውሮጳውያን፡ ቅድሚ 15 ክፍለ-ዘመን ናይ ዳህሳስ ዓቕሞም ድሩት'ዩ ዝነበረ። ካብቲ ብስልጣነ ዓብዮም ርሑቕ ክጓዓዝሉ ዝጀመርሉ ዘመናት ኣትሒዞም፡ ንኣፍሪቃ ክፍትሹ ጀመሩ። ኣብ መጀመርታ ብንግስነት ዓረብን ምድረበዳ ሰሃራን ይብድሁ ብምንባሮም ኣይሰጎሙን። ኣብ ሻውዓይ ዘመን ብዙሓት ዓረባውያን ዳህሰስቲ ናብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ብዙሕ ግዜ ተመላሊሶም። ንምዕራብ ኣፍሪቃ "ሃብታም ዞባ" እናበሉ ከዕልሉ ዝሰምዕዓ ፖርቱጋልን ስፓኛን ኣብዚ ዞባ ተጋዳስነት ኣሕደራ። ብልዑል ሄንሪ ናይ ፖርቱጋል ዝምራሕ ኤውሮጳዊ ሓይሊ፡ ንንግስነት ዓረብ ብምድፋእ ናብ ገማግም ጊኒ ኣተወ። ካብዚ ዘመን'ዚ ንደሓር ኤውሮጳውያን ናብ ኣፍሪቃ ደፊሮም ብምምጻእ ንሰሜን፡ ምዕራብ፡ ምብራቕን ማእከልን ኣፍሪቃ ክድህስሱዎ ጀመሩ።

ኤውሮጳውያን ሃገራት ንመሬት ኣፍሪቃ ብዝተፈላለየ ኣገባብ እናወረራ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽረን ከእትወአ ተራእያ። ብፍላይ ኣብ 19 ክፍለ-ዘመን ንኣፍሪቃ መቓቒለን ተማሲሐናኣ ነበራ። ኢጣልያ ናብ ምስሒት ዶንጉያ'ያ ዝተጸንበረት። ኢጣልያ፡ ክሳዕ 1870 እተመቓቐላ በበይነን ሃገራት'ምበር ስምርቲ ሓንቲ ሃገር ኣይነበረትን። ካብ 1870 ክሳዕ 1885 ግን ኣብ ኣፍሪቃ ክትገዝእ ብዙሕ ተደረኸት። ካብቶም ቀንዲ ምኽንያታት ከኣ ሃገራዊ ክብረትን ቍጠባን ነበረ። ምምቕቓል ኣፍሪቃ ክጅምር እንከሎ ተወዳዳሪት ኰነት።

ኣብ መጀመርታ 1890 ሓደ ጁሰፐ ሳፔቶ እተባህለ ኢጣልያዊ ሚስዮናዊ፡ ብስም ሩባቲኖ እተባህለ ትካል፡ ኣብ ዓሰብ ከም ወደብ ዝጥቀመሉ ንእሽተይ መሬት ገዝአ። ነዚ መሬት ዝሸጠ ናይ ሽዑ ሱልጣን ኣቢን ኣሕመድ'ዩ ዝነበረ። ኢጣልያ ንዓሰብ፡ ድሕሪ 13 ዓመት (ብ1882)፡ ብወግዒ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽራ ኣእተወታ። ብ25 ጥሪ 1885 ንበይሉል፣ ድሕሪ ወርሒ፡ 5 ለካቲት 1885 ንግብጺ ሰጒጓ ንባጽዕ ሓዘታ። ኣብዚ መስርሕ ብርጣንያ ንኢጣልያ ሓገዘታ። ምኽንያቱ ፈረንሳ ቀዲማ ክትሕዞ ድልየት ስለዘይነበራ። *(መወከሲ - HISTORY FOR GRADE 9)*

ኢጣልያ ድሕሪ ባጽዕ ምሓዛ ናብ ከበሳታት ኤርትራ ኣበለት። ዘይከም እቶም ዝቐደሙ ወረርቲ፡ ብዙሕ ተቓውሞ ከይገጠማ ድማ ከበሳ ደየበት። ኢጣልያ ስለ እተፈትወት ዘይኰነ፡ ካልእ ምኽንያት'ዩ ዝነበረ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ፖለቲካውን ቍጠባውን ኩነታት ምቹእ ባይታ ፈጠረ። ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ኣብ ካልኣይ መፋርቕ 19 ክፍለ-ዘመን ብቐጻልን ተደጋጋምን ወራራትን ራስያታትን ተዳኺሙን ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ተጸንቂቑን ነበረ። ኣብ ርእሲኡ፡ ብ1888 ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብርቱዕ ደርቅን ጥምየትን ተኸሲቱ ነበረ። ከም ክፋል ናይዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብብርቱዕ ጥሜት ተጠቒዑ ነበረ። ስለዚ፡ እዚ ክልተኡ ረቛሒታት፡ ኢጣልያ ዘይከም ካልኦት መግዛእታውያን ሓይልታት ዝገጠሞ ብድሆ ቀሊል እዩ ዝነበረ።



ኢጣልያውያን ንባጽዕ ምስ ሓዙ፡ ብ1987 ኣብ ሰሓጢን ዊዓን መዓስከራት ተኸሉ። መራሕቲ ህዝብታት ኤርትራ ድማ ብዓጸቦን ጥሜትን ተሃስዮም ነበሩ። ከም ከንቲባይ ሓምድ ናይ ሳሕል፣ ካብ መሳፍንቲ ትግራይ ሃዲሞም ኣብ ሳሕል ተዓቚቦም ዝነበሩ ደግያት ካፍል ብዓል ደንበላስ፣ ደግያት ባህታ ሓጐስ ንምምጻእ ኢጣልያ ካብ እተቐበሉ ቀዳሞት መራሕቲ እዮም። እዞም ብወራራትን ራስያን መሳፍንቲ ትግራይ ዝረብረቡ፡ ብጥሜትን ዓጸቦን እተሃሰዩ መራሕቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸግዒ ንምርካብ ምስ ጥልያን ክትሓበበሩ መረጹ። ኢጣልያ ከተስፋሕፍሕ ምስ ጀመረት ተጻብኦ ክገጥማ ጀሚሩ። መሳፍንቲ ትግራይ ብፍላይ ሃጸይ ዮውሃንስ ካብ ኤርትራ ረብሓ ስለ ዝነበሮ፡ ኢጣልያ ኸኣ ኣብዚ ረብሓ ጽልዋ ክትገብር ስለ ዝጀመረት፡ ክልተኦም ሓይልታት ኣብ ረጽሚ ክኣትዉ ግድን ነበረ። ራእሲ ኣሉላን ሃጸይ ዮውሃንስ ክሳዕ እቲ ኣንጻር ምስፍሕፋሕ ማህዳውያን ብምባል ኣንፈቶም ዝቐየሩሉ ግዜ ምስ ኢጣልያ ተዋጊኦም ነበሩ። ሃጸይ ዮውሃንስን ራእሲ ኣሉላን ምስ ማህዳውያን ንኽዋግኡ ምስ ተኣልዩ፡ ኢጣልያ ናይ ምስፍሕፋሕ ጕዕዞኣ ክትቅጽል ጽቡቕ ዕድል ነበራ። ንኸረን ኣስመራን ከኣ ብ1889 ተቘጻጸረተን፣ ኪንዮኡ ሓሊፉ ክሳብ መረብ ሓዘቶ። ብ1 ጥሪ 1890 ከኣ ነዚ ሓድሽ ግዝኣት "ኤርትራ" ክትብል ሰመየቶ።

ሃጸይ ዮውሃንስ ብማህዳውያን ምስ ተቐትለ፡ ሃጸይ ምኒሊክ'ዩ ዝተክኦ። ሃጸይ ምኒሊክ ናይ ሸዋ ንህዝብታት ኦሮሞ፡ ጉራጌ፡ ዓፈር፡ ሶማልን ወላሞን ብምውራር ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሩ ኣእተወ። ስለዚ ኤርትራ ብመግዛእቲ ኢጣልያ ከም ዶባት ዘሎዋ ሃገር ድሕሪ ምቛማ፡ ኢትዮጵያ ድማ ብወራር ሃጸይ ምኒሊክ ከም ሃገራት ድሒራ ቈመት።

ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ከተስፋሕፍሕ እንከላ ብዙሕ ተቓውሞ ኣይገጠማን። እዚ ሰለማዊ ዝመስል ኣቀባብላ ስለ ዘየቕሰና፡ "ውዒሉ ሓዲሩ ተቓውሞታት ክገጥመኒ'ዩ፡" ኢላ ሓሰበት። እሞ ን800 ሹመኛታትን ሰዓብቶም ካብ 1889 ክሳዕ 1890 ቀተለት። ብዙሓት ከኣ ኣብ ዓሰብን ናኹራን ተኣሰሩ። መጀመርታ ንስቡሕ መሬት ኤርትራ ሃገረት። ማዕረ ማዕረኡ ድማ ንኢጣልያውያን ሓረስቶት ዝኸውን ሰፈራታት ኣቘመት። ኣብ ኢጣልያ ሸቕለት ኣልቦነት ስለ ዝነበረ፡ ብዙሓት በርጌስ ኢጣልያውያን ናብ ኣሜሪካ ይስደዱ ነበሩ። ካብዚ ጸቕጢ ንምውጻእ ኸኣ ናብ ኤርትራ ሲቪል ኢጣልያውያን መጽኡ። ካብ 1896 ክሳዕ 1930ታት ኢጣልያ ቍጽሪ ዓስከራታ ኣበርኪታ፡ ንወራር ዝኸውን ሰፊሕ ምድላዋት ኣካየደት። ብዘይካኡ ኸኣ ኢንዱስትሪያዊ፡ ንግዳውን ቍጠባውን ትካላት ተኸለት። ነዚ ንምትግባር ምእንቲ ክሕግዛ ኸኣ መገዲ ባቡር፡ ጽርግያ፡ ተለፈሪክ፡ መራኸቢታት፡ ወደባት፡ ትምህርቲ፡ ሕርሻ፡ ኢንዱስትሪታትን ንግድን ኣማዕበለትን ተኸለትን።

ቅድሚ እዚ ብኢጣልያ ዝተገብረ ለውጢ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ውሑዳት ብንግዲ ዝናበሩ ገዲፍካ፡ ዳርጋ ኩሉ ብልምዳዊ ማሕረስ'ዩ ህይወቱ ዝመርሕ ዝነበረ። ድሕሪ መግዛእቲ ኢጣልያ ግን ኣገዳሲቲ ቍጠባውን ማሕበራውን ለውጥታት ተራእየ። ቅድሚ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ብዘይካ ምጽዋዕ፡ ካልእ ከተማ ኣይነበረን። ኣብ ውሽጢ 50 ዓመታት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣስመራ፡ ከረን፡ ዓሰብ፡ ኣቑርደት፡ ደቀምሓረ፡ መንደፈራ፡ ተሰነይ፡... ዝኣመሰላ ከተማታት ተሃኒጸን። ኣብ ኤርትራ እግሩ ካብ ዘንብር ኣትሒዙ ኤርትራውያን መንእሰያት ዘዕስክር ዝነበረ መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ኣብ ሊብያ፡ ሶማልን ኢትዮጵያን ኣብ ዝገብሮ ዝነበረ ውግኣት የኽትቶም ነበረ።

ኣመጻጽኣ ኢጣልያ ናብ ኤርትራ ምስ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ምዕባለታት ዝተኣሳሰረ'ዩ። መወዳእታ ሩዖኡ ጠቕሊሉ ክኸይድ እንከሎ'ውን ብቐንዱ ምስ ኣብ ኤውሮጳ ዝነበረ ምዕባለታት ዝተሓላለዘ እዩ። ካልኣይ ኲናት ዓለም ብ1939 ምስ ተላዕለ፡ መራሒ ኢጣልያ ዝነበረ ቤኒቶ ሙሶሊኒ ኣንፈት እቲ ኲናት ናበይ ምኳኑ ከየረጋገጸ ኢዱ ክሕውስ ኣይመረጸን። ጀርመናውያን ኣብ ልዕሊ ፈረንሳ ድሕሪ ምዕዋቶም፡ 'ናይ መወዳእታ ዓወት ናይ ጀርመናውያን'ዩ፡' ኢሉ ስለ ዝሓሰበ፡ ብ1940 ናብዚ ኲናት ኢዱ ሓወሰ። ኣብቲ ጀርመን ጃፓንን ዝነበርኦ ሓይልታት ኣክሲስ ብምጽንባር፡ ኣንጻር ንእንግሊዝን ፈረንሳን (ድሒረን ኣሜሪካን ሶቭየት ሕብረትን ዝተሓወስኦ) ሓይልታት ኪዳን ብ10 ሰነ ኲናት ኣወጀ። እቲ ኲናት ካብ ኤውሮጳ ናብ ኣፍሪቃ ሰገረ። ኤርትራ ኣብ እትርከቦ ምብራቕ ኣፍሪቃ ንኢጣልያ ምእላያ ንሓይልታት ኪዳን ኣገዳሲ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ መንጎ እንግሊዝን ኢጣልያን ኣብ ከሰላ ኲናት ጀመረ። እንግሊዝ ስለ ዝሓየለ ኣብ ሓጺር ግዜ ንምዕራብ ኤርትራ ተቘጻጸሮ። ኢጣልያ ኣብ ጥንቁልሓስ ዓሪዱ፡ ን12 መዓልታት ተዋግአ። እዚ ውግእ ብዓወት ኢንግሊዝ ክውዳእ እንከሎ፡ ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃ ካብ ዝተኻየዱ ውግኣት እቲ ዝኸበደ ነበረ። መኸተምታ ካልኣይ ኲናት ዓለም ተባሂሉ'ውን ይንገር'ዩ። እንግሊዝ ድሕሪ ንኸረን ምቍጽጻሩ፡ ብ1 ሚያዝያ 1941 ንኣስመራ ሓዛ። በዚ ኸኣ መግዛእቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣኽተመ።

ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ኣብ ዝጸንሓትሉ ብዙሕ ተቓውሞታት ይገጥማ ነበረ። ዘማት ወድ እኩድ፡ ደግያት ካፍል፡ ዓሊ መሓመድ ዑስማን ቡሪ (ሰባር ናኹራ)፡ ደግያት ኣበራ ሃይሉ (ብሃጸይ ምኒሊክ "ካብ ሽሕ ኣምሓራ፡ ሓደ ወደ ኣበራ" ዝተባህለሉ)፡ ደግያት መሓራይ (ሰባር ናኹራ)፡ ከንቲባይ ሓምድ፡ ደግያት ባህታ ሓጐስ፡ ኣቡበከር ኣሕመድ መሓመድ ኑሪን፡ ሱልጣን ያሲን ሓይሰማን ካልኦትን ንኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ቀሲኑ ክንብር ከም ዘይክእል ዘረጋገጽሉ ተቓለስቲ እዮም ዝነበሩ።

*(መወከሲ - ታሪኽ ኤርትራ፣ ካብ ጥንቲ ክሳብ ናጽነት)*


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ኣስፍሃ ተኸለማርያም

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቤተልሄም ታደሰ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ.200454-07121322


**ምልክታ**

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# “ኣብ ንኡስ ዞባና ዝሓሸ ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲ ኣሎ” - መምህር ሰለሙን ንጉሰ

ማርታ ክብሮም

ስእሊ፡ ኣቤል በረኸት





ክፍለማርያም ሓጎጅ ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ዒላበርዒድ

ዒላበርዕድ ዝበሃል ስም ክሰምዕ ከሎ መጀመርታ ኣብ ርእሲ ኩሉ ሰብ ዝመጽእ ቦታ ፍረታት፡ ጽቡን ጀርዲንን ምኻኑ እዩ። ናብ ከተማ ዒላበርዕድ ክትኣቱ ከለኻ ብዮማኖትን ጸጋማትን ልሙዕ ቦታ እዩ ዝቕበለካ። ብቐጥታ ድማ ቦታ ሕርሻ ምኻኑ ይርድኣካ። ኣብ ዒላበርዕድ፡ ሕርሻ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ጥልያን እዩ ጀሚሩ፤ ክሳብ ሎሚ ድማ ይቕጽል ኣሎ። ኣብዚ ቦታ ተደኲሉ ዝርከብ ዒላበርዕድ ስቴይት እውን ንበዙሓት ነበርቲ ናይዚ ንኡስ ዞባ ናይ ስራሕ ዕድል ዥኽረኽቡ ኣኽኢልዎም ኣሎ። ብፍላይ ድማ ንጸገማት ደቂ ኣንስትዮን ኣንስቲ ስወኣትን ርሒብ ናይ ስራሕ ዕድላት እዩ ዝኸፍተለን።

ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ሓንቲ ካብ ንኡሳን ዞባታት ዓንሰባ ኮይና ዓዲ በርበረ፡ ኤደን 01፡ ኤደን 02፡ ኢራ ላዕላይ፡ ኢራ ታሕታይ፡ እደርባ፡ ሽዕብ ሰሉ፡ ሓሊብ መንተል፡ ደብረ ሲና፡ ኢግሓር፡ ዋስደሜ፡ ሓደሽ ዓዲ፡ ደምባ ሃብዘጸየን ከምኡ’ውን ደቂ ዓንዱ ዝበሃላ 14 ምምሕዳር ከበባታት ትጥርንፍ። ካብዘአን ምምሕዳር ከተማታት ኤደን 01 ን ኤደን 02 ን ኣብ ወሸጢ ሓወሲ ከተማ ዒላበርዕድ ዝርከባ እየን። ካብዚ ማእከላይ ቦታ ቀሩብ ርሒቐት ዘለወን እደርባን ኢራ ላዕላይን ዝበሃላ ምምሕዳር ከበባታት እየን። እዚ ንኡስ ዞባ ምስ ከረን ገሉብ ዓዲተከሌዛን ሓጋዝ ዝዳወብ ኮይኑ፡ ብዘሪራት ትግረ፡ ትግርኛን ብሌንን ይነብሩ።

ዝበዝሕ ነባሪ እዚ ንኡስ ዞባ ብሕርሻ ወሓልዶ ቁጽሪ ደማ ብጥሮፕዲ ይነብር። ኣገልግሎት ማይ ኣብዚ ቦታ ደሓን እኳ እንተኾነ፡ ኢራ ላዕላይን ታሕታይን ግና ኣብ ግዜ ክረምቲ በቲ ከቢ. ትሓልፍ ሩባ ጥራይ ስለ ዝጥቀማ፡ እታ ሩባ ኣብ ትኽቐጸሉ ግዜ ጸገም ዝስተ ማይ ክረኽቡ ከም ዝኸኣሉ ወከል ኣመሓዳሪ ዒላበርዕድን ሓላፊ ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ክፍለማርያም ሓጎይ ገሊጹ።

መምህር ሰለሙን ንጉሰ ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ ንኸውታት ትምህርቲ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ቅድምን ድሕርን ናጽነት ኣመልኪቱ፡ “ቅድሚ ናጽነት ኣብዚ ንኡስ ዞባ ቁጽሪ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ሓሙሽተ ዝበዝሕ ኣይነበረን። እተን ኣብያተ ትምህርቲ ናይ መባእታ ዝምህራን ኣብቲ ቐንዲ ጽርግያ ኣብ ዝተደኮና ዓድታትን ጥራይ እየን ነይረን። ስለዚ ህዝቢ እዚ ከባቢ ከምቲ ዝድለ ዕድላት ትምህርቲ ክረክብ ኣይተኽእለን ነይሩ።”

ቀጺሉ መምህር ሰለሙን፡ “ድሕሪ ናጽነት መንግስቲ ኩሉ ዜጋ ዕድላት ትምህርቲ ንኽረክብ ብዝገበሮ ጻዕሪ ክሳብ 1999 ጥራይ ኣብዘን 11 ምምሕዳር ከበባታት ናይዚ ንኡስ ዞባ 24 መባእታን ክልተ ካልኣይ ደረጃን ተሃኒጹ፡ ቁጽሪ ተመሃሮ ድማ ካብ 300 ናብ ትሸዓተ ሽሕ ክብ ክብል ክኢሉ። ሎሚ ኣብዚ ንኡስ ዞባ 10 ኮማዊ መውዓሊ ህጻናት፡ ሰለስተ ሰሩዕ መውዓሊ ህጻናት፡ 24 መባእታ፡ 10 ማእከላይ ደረጃ ከምኡ’ውን ኣብ ሓደሽ ዓዲ፡ ሓሊብ መንተል፡ ባልዋ፡ ዒላበርዕድን ሽዕብ ሰለባን ዝተደኮና ሓሙሽተ ካልኣይ ደረጃ ኣለዋ። ናይ መባእታ ትምህርታት ብቛንቋ ትግርኛን ብሌንን እየን ዝምህራ። እዚ ንኡስ ዞባ ልዕሊ 500 መምህራንን 11 ሽሕ ተመሃሮን ኣለውዎ። እዘን ኮማዊ መውዓሊ ህጻናት ብህዝቢ ዝመሓደራ ኮይነን ንደቂ ሓሙሽተ ዓመት ህጻናት ንሓደ ዓመት ዘምህራ እየን። ኣፍንስ ትብሃል መውዓሊ ህጻናት ኣላትና፡ እዚአ ኣብ ክንዲ ብህዝቢ ትመሓደር፡ ኣብ ትሕቲ ቤት ትምህርቲ መባእታ እያ ትመሓደር። እቶም መማህራን ናይ መባእታ እዮም ድማ ዝምህሩ። እዚ ኩሉ ዝርግሐን ዓይነት ትምህርቲን ቅድሚ ናጽነት ኣይፍለጥን እዩ ነይሩ። ሕጂ ግና ኣብ ንኡስ ዞባና ዝሓሸን ኣዕጋቢን ዝርግሐ ኣብያተ ትምህርቲ እዩ ዘሎ።”

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ኑዩም ተመሃሮ ዝያዳ ንምሕጋዝ ተባሂሉ ብመልክዕ ኣውደዮ ቪዲዮዋል ክመሃሩሉ ዝኽእሉ ኣገባብ ተኣታቲዩ ኣሎ።

ተሳታፍነት ደቂ ኣንስትዮ 47 ሚእታዊት በጺሑ ይርከብ። ብዘይካ’ዚ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ኣብ ክፍለን ምስ ብሉጻት ቀዳሞት ሓሙሽተ ዝስርዓን ኣብ ብልጫ ዝኣትዋን መብዝሕትአን ደቂ ኣንስትዮ እየን።”

ብዘይካ’ዚ ኣብ ኢራ ላዕላይ፡ ሕጺት፡ ኢግሮርን ካልእ ቦታታትን ዝርከብ ብድምር ኣብ 12 ቦታታት ትምህርቲ ንጋብሃቲ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ መምህር ሰለሙን፡ “መምህር ሰብ እዩ ዘፍሪ። ንእሽቶ ጌጋ ምስ ትገብር ዓቢ ዕንወት እዩ ዘምጽእ። ሃገርና ክትዓቢ እንተ ኾይና ከኣ ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ እዚም ኣብ ትምህርቲ ዝርከቡ ዓበይቲ ሕጽረታት ዝምልከቶ ኣካል ኣቓልቦ ክገብረሎም ኣሎዎ” ብምባል ሰበውኡ ኣመሓላሊፉ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ሓንቲ ኮማዊ ሆስፒታል ትርከበን ኣብ እደርባ፡ ሓደሽ ዓዲ፡ ሽዕብ ሰሉ፡ ዒላበርዕድን ሓሊብ መንተልን ሓሙሽተ መደበራት ጥዕና ከም ዘለዋ ሓላፊት ጨንፈር ጥዕና ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ሰስተር ሉተየሰስ ክፍለማርያም ገሊጻ።

ኮማዊ ሆስፒታል ናይዚ ንኡስ ዞባ ኣብ ዒላበርዕድ እያ ትርከብ። እዛ ሆስፒታል 35 ዓራት ስለ ዘለዋ ሕሙማት ኣደቂሳ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ትርከብ። ከምኡ’ውን ኦፒዲ፡ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ናይ ላብራቶሪን ኣገልግሎት ትህብ።

ሓኪየም እዚ ንኡስ ዞባ፡ ካብዚ ማእከል ጥዕና ዘለዎ ቦታ ኣብ ርሑቕ ቦታ ተደኲኖን ዝርከባ ቦታታት ከም ኢራን ደምባ ሃብዘጸየንን ንህጻናትን ኣዴታትን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ብመልክዕ ኣውትሪች (outreach) ናብዘን ዓድታት ይኸዱ እዮም። ክታበት ከይወሰዱ ዝተርፉ ህጻን ዳርጋ የለን። ኣብዚ መዳይ ንቕሓት ኣዴታት ኣዝዩ ክቡ ክብል ክኢሉ እዩ። ኣብዚ ከም ኣሶካፌ ተርእዮ ክውሰድ ዝኽእል፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ናይዚ ንኡስ ዞባ ዝነብራ ኣዴታት ወላ’ኳ ናብ መጸበዪ ጥኑሳት መጺአን ሓረሰን ዝኸዳ እንተኾና፡ ቁጽሪ ኣብ ገዛ ናይ ዝሓርሳ ኣዴታት ግና ከምቲ ዝድለ ክጎድል ኣይከኣለን።



ኣብ ትካላት ጥዕና ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ 35 ሞያውያን ሓኪየም ኣለው። ከምኡ’ውን ኣብ ንጡፍ ኣገልግሎት ዝርከባ 2 ኣምቡላንስ ኣለዋ። ብዘይካ’ዚ ኮማዊ ሆስፒታል ዒላበርዕድ ናይ ዓይኒ ካውንስሊንን ኣገልግሎት ይህብ።

ካብዚ ማእከል ጥዕና ተደኲኑሉ ዘሎ ቦታ እቲ ዝረሓቐ ጼሓፉ ዝበሃል ዓዲ ኮይኑ፡ ኣጻደፍ ዝበዝሖ ቦታ ብምኻኑ ናብዚ ማእከል ጥዕና ብእግሮም እዮም ዝመጽኡ።

ኣብዚ ቦታ ዝርአ ኣሶካፌ ሕማም የለን። እቲ ቀንዲ ዝርአ ሕማም ጉንፋዕ እዩ። ኮማዊ ሆስፒታል ዒላበርዕድ ኣብ ናይ ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ከም ሽኮርያን ጸቕጢ ደምን ናይ መድሃኒት ኣገልግሎት ይህብ እዩ። መንግስቲ ንዜጋታቱ ብናጻ ኣገልግሎት ንምሃብ ብዘገብሮ ዘሎ ጻዕሪ ንኣገልግሎት ጥዕናን መድሃኒትን ዝኸፈል ክፍሊት የለን።

ኣቶ መሓሪ ሰልጠነ ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ዒላበርዕድ፡ ንኩነታት ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብቲ ንኡስ ዞባ ኣመልኪቱ፡ “ዝበዝሐ ኣቀማምጣ ናይዚ ንኡስ ዞባ ጎቦታት ዝዓብለሎ እዩ። ኣብ ርእሲ’ዚ ዓይነት ሓመድ ሒሓ ብምኻኑ ንሕርሻ ምቹእ ኣይኮነን። ኣብዚ ንኡስ ዞባ ዝነብር ህዝቢ ግና ጻዕሪም ብምኻኑ፡ ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ጎቦታት ናብ ናይ ሕርሻ ቦታ ቀይሮዎ ይርከብ።”

ቀጺሉ ኣቶ መሓሪ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ብፍረታትን ኣሕምልትን ብመልክዕ ጀርዲን ዝለምዕ ኣስታት 720 ሄክታር፡ ብናይ ክረምታዊ ዝዝራእ ድማ ኣስታት 5500 ሄክታር መሬት ከም ዘሎ ገሊጹ። እዞም ሓረስቶት ዝበዝሕ ግዜ ኮሚደረ እዮም ዝዝርኡ፡ ካብ ሓደ ሄክታር ጥራይ ድማ፡ ካብ 500 - 700 ኩንታል ይረኽቡ። ኣብ ኮሚደረ ኣስታት 300 ሄክታር ኣሎ። ኣብ ክረምቲ ድማ ምሩጽ ዘርኢ ሰሊጥን ስርናይን ይዘርኡ። ጸቡቕ ምህርቲ’ውን ክሕፈሶ ክኢሉ እዩ። ብዘይካ’ዚ ኣብዚ ንኡስ ዞባ ኣብ እቶት እዚ ኣዝርእቲ ዓቢ ተራ ዝጻወታ ዘለዋ 16 ዲጋታት ኣለዋ።

ካብ 9 ናይ ዞባ ዓንሰባ ንኡሳን ዞባታት ዝለዓለ ብዝሒ ምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ክሕፈስ ክምዝዘተኻእለ ኣቶ መሓሪ ኣረጋኢ።

ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ብጥሪት’ውን ሃብታም ንኡስ ዞባ እዩ፡ ከም መርኣያ ናይዚ ድማ 17 ሽሕ፡ 27 ሽሕ ጤለ በጊዕ፡ 1400 መጻዓኛ፡ 900 ገመል፡ 42 ሽሕ ደርሁ ኣለው። ከምኡ’ውን ጎበዩ፡ ባርካ፡ ድቓላ ዝበሃላ ናይ ጸባ ከብቲ ኣለዋ። እንተኾነ እዚ ቦታ ጎቦታት ዝበዝሖ ብምኻኑ ንመጓሰጺ እንስሳታት ዝኸውን ምቹእ ቦታ የብሉን። ስለዚ ዝበዝሓ ጥሪት ናብ ባርካ እየን ዝኾሞማ።

ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ጨንፈር ሚኒስትሪ ሕርሻ ዒላበርዕድ ን332 ጸገማት ሓረስቶት ናይ ጸባ ከብቲ፡ ቆፎ ንህቢ፡ ደርሁን ምሩጽ ዘርኢን ብመልክዕ ሓገዝ ሂቡ። እዘን ከብቲ ዝሁብኦ ጸባ ኣዕጋቢ እዩ።

ከምኡ’ውን ነባሪ እዚ ንኡስ ዞባ መጓልታዊ ኣብ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን በዘኸብበኡ ከቢ. 1650 ህዝቢ ይሳተፍ ኣሎ።

ኣብቲ ንኡስ ዞባ ዓመታዊ 300 ሽሕ ፈልሲ ገረብ ክተኽሉ መደብ ከም ዝሃበሩን ዝበዝሕ ግዜ ድማ ተግባራዊ ከም ዝኸውንን ኣቶ መሓሪ ገሊጹ። ኻፍሲ ወከፍ ኣብ ኣፍደገ ገዛኡን ከባቢኡን ፈልሲ ገረብ ክተክል ከም ዘለዎ ይንገር እዩ። ኣብ ግዜ ሓጋይ ኻፍሲ ወከፍ ስድራ ነቲ ኣግራብ ብበርጌ ማይ የስትዮ እዩ።

ነባሪ እዚ ከቢ. ሳዕቤን ምቅሉራጽ ገረብ ብዝግባእ ስለ ዝተረድኦ፡ ገረብ ምቅሉራጽ ዳርጋ ተሪፉ ክበሃል ይከኣል። ስለዚ ኣብ ዓንርኸ፡ ዓዲ በርበረን ኢራ ላዕላይን ኣስታት 450 ሄክታር ሕሩም ሕዛእቲ ኣሎ።

ኣብዚ ንኡስ ዞባ ታሪኻውያን ቦታታት ከም ጉዳም ደብረ ሲና ስለ ዝርከቡ ዓመታዊ ብዙሓት በጻሕቲ እያ እተኣንግድ።

ኣብ መወዳእታ ወከል ኣመሓዳሪ ኣቶ ክፍለማርያም፡ ህዝቢ ብወፈራ ብገዝበቱን ብጉልበቱን ኣብ ደብረሲና፡ በርዐና፡ ሓሊብ መንተል ጽርግያ ይጽግንን ይሰርሕን ብምህላዉ ናይ ማሽነሪ ሓገዝ ክግበረሉ ተላቢዩ።





# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

中国五矿

恩菲铜锌矿山工程有限公司
ENFI-MCCT Mining Engineering P.L.C

## Vacancy Announcement

ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME) is inviting applicants for the following positions for Asmara Copper-Gold Polymetallic Project site.

Position-4: Chinese Chef
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 02
Contract Type: Definite

Major Duties and Responsibilities
- Set up the kitchen with cooking utensils and equipment;
- Study each recipe and gather the necessary ingredients;
- Cook food in a timely manner;
- Delegate tasks to kitchen assistants;
- Supervise Cooks and assist as needed;
- Monitor food stock and place orders;
- Check freshness of food and discard out-of-date items;
- Ensure compliance with all health and safety regulations within the kitchen area.

Qualification Requirement
Education:
- Vocational Certificate in Catering Skills or related field.

Work experience:
- Above 10 years of working experience is required;
- Working experience in Chinese companies and good at making Chinese food is required;
- Certificate of cook is required for this position;
- Health certificate is required for this position.

Additional skills and abilities:
- Reliability and communication skills
- Fluent Chinese or English is required for this position
- Have a very good sense of teamwork

Position-05: Senior Geologist
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 01
Contract Type: Definite
Major Duties and Responsibilities
- Control and optimization of design from a geological perspective;
- Advise on construction methodology based on actual site geological conditions;
- Prevent quality and accidental event rooted from a geological origin;
- Participating in design briefing&technical clarification, and control points handover before construction commencement;
- Participating in the analysis of project quality accidents, and put forward the technical solutions to the quality accidents caused by design;
- Participating in project handover, completion acceptance, submit the design work report, and assist with the quality supervision department to check whether the project is constructed as per the construction drawings.

Qualification Requirement
Education:
- Master's degree in Geology

Work experience:
- Knowledge in design, construction, commissioning;
- Understand the technical problems of engineering construction;
- Familiar with the site quality management process;
- 8 years and above experience in Engineering and Construction projects or mining projects.

Additional skills and abilities:
- Good at AutoCAD, EXCEL, word and other computer software;
- Ability to lead a design team;
- The ability to find problems and solve problems independently;
- Basic communication skills in English. Capable of communicating with the design team in China and construction team on site in Eritrea

Position-06: Cost Controller
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 01
Contract Type: Definite

Major Duties and Responsibilities
- Collect cost data and material unit price;
- Correctly apply the quota, and do a good job in comparing the budget main physical quantity quota with the actual quantity;
- Monthly project progress and material cost statistics;
- Signing and review of main contract and subcontract;
- Budget for changes and new works outside the contract, and preparation of supplementary construction agreement;
- Preparation of master contract, variations and interim payment certificates.
- Check of construction quantities.

Qualification Requirement
Education:
- Bachelor degree in Project Costing or related major.

Work experience:
- More than two years of experience in budget and cost control;
- Proficient in operating the office software.

Additional skills and abilities:
- Familiar with relevant laws and regulations;
- Decent management ability of budget and settlement, awareness of risk prevention;
- Understand industry knowledge, and familiar with construction workflow;
- Good sense of teamwork, with rigorous, serious and meticulous character;
- Speaking and writing in English will be preferred.

Position-07: Mechanical Engineer
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 01
Contract Type: definite

Major Duties and Responsibilities
- Responsible for the installation and maintenance of the mechanical equipment;
- Responsible for the technical guidance of installation;
- Coordinating with the owner to solve the installation technical problems during construction;
- Prepare, supervise and inspect the implementation of mechanical methodology;
- To guide the installation and maintenance of mechanical equipment.

Qualification Requirement
Education:
- Bachelor degree in mechanical engineering

Work experience:
- Working experience in related fields;
- EPC project experience is preferred;
- Knowledge of the engineering and technology standards, procedures and specifications.

Additional skills and abilities:
- Excellent language expression and communication skills;
- Coordination and project management skills

CONTINUED ON PAGE 6

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

**CONTIUED FROM PAGE 5**

Position-08: Accountant
Department: Processing Plant and Tailings Storage Facility
Number Required: 01
Contract Type: definite

Major Duties and Responsibilities
 Responsible for financial and tax accounting and other daily work;
 Responsible for tax planning, tax declaration and payment, consulting tax policies and maintaining good communication with the tax office;
 Responsible for tax audit and provide relevant supporting materials;
 Responsible for fund management, ensure the safety of funds, and maintain a good relationship with banks;
 Responsible for the subcontractor's financial, tax and accounting work, ensuring the subcontractor's financial work is standard and safe, the accounting is clear and accurate, and the tax is legal and compliant;
 Develop relevant financial, tax and fund management systems to ensure the standardization of financial work;
 Responsible for internal accounting and statement preparation;
 Responsible for the accounting of external accounts and the preparation of statements, reasonably solve the differences between internal and external accounts, and ensure the legitimacy of external accounts and maximize the benefits.

Qualification Requirement
Education:
 Bachelor's degree in Accounting
Work experience:
 Working experience in related fields;
 Accounting certificate is required;
 Experience in making vouncher and financial statement in both in Chinese and English;
 Familiar with Chinese and Eritrean tax and financial regulations;
 Working experience in Chinese companies will be preferred;
 Working experience in design or construction companies is required for this position;
Additional skills and abilities:
 Excellent language skills
 Proficient in operating the office software
 Finance management experience

General Information and Other Requirement
 Place of Work: Asmara Project Sites
 Salary: As per Company salary scale
 Type of Contract: Definite

Additional Requirement for Nationals:
 Having fulfilled his/ her National Service Obligation and Provide evidence of Release Paper from Ministry of Defense.
 Present Clearance from current/ last employer or Unemployment card from Labor office.
 Testimonial documents to be attached (CV, work experience credential, a copy of your National Identity card etc.)
 Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.
 Application documents will not be returned to applicants.
 All application should be sent through the post office.
 Deadline for application: 07 days from the date of publication on the newspapers.

Address: Please mail your application to:
1. ENFI-MCCT Mining Engineering PLC (ETME)
P.O. Box. 6547 Asmara, Eritrea; and

2. Mineral Resources Management, P.O.Box 272 Asmara, Eritrea.

Note to None-Eritrean applicants:
Please send a copy of your application to
1. Aliens Employment permits Affairs, P.O.Box 7940 Asmara, Eritrea;

## Vacancy Announcement

The embassy of Japan is inviting applicants for the following position:

| | |
|---|---|
| Position | Clerk |
| Number Required | One |
| Requirements | • Bachelor Degree or above<br>• Fluent in English (speaking and writing)<br>• Excellent Communication and interpersonal skill<br>• Good at Microsoft office (Especially Word and Excel) |
| Duties | • Assisting all embassy Diplomats<br>• Other duties specifically instructed by Japanese Diplomats. |

**How to apply:**

**Strictly submit the following necessary documents copy through the P.O. Box before closing date.**

- CV ( self-photo, date of birth , gender , home address , phone number, email, academic background and work experiences)
- ID Copy
- National Service completion Document.
- Proof of No Crime Records
- Recommendation letter from the current or past employers.
- Academic graduation certificates, diploma, etc.
- Deadline for application: **15 days from the day publication in the newspaper.**
  - ❖ Only shortlisted candidate will be contacted after the screening process.
  - ❖ Address : Please mail your application to

Embassy of Japan
P.O.BOX – 1131
Asmara, Eritrea

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that "GOTES" Private Limited Company has been formed between the following members.

A) Members

| | Name | Address | Shares | Value in Nakfa |
|---|---|---|---|---|
| 1 | Goitom Asfaha Hagos | Asmara | 240 | 240,000.00 |
| 2 | Tesfalem Asfaha Hagos | Asmara | 160 | 160,000.00 |
| | Total | | 400 | 400,000.00 |

B) All shareholders are Eritrean.
C) Head office of the Company shall be in Asmara and branch offices may be opened within or outside Eritrea.
D) The capital of the Company is 400,000.00 (Four hundred thousand) Nakfa divided in to 400 shares at par value of 1,000 each fully subscribed and paid up in cash.
E) Business purposes of the company
1. To engage in import and export activities.
2. To engage in manufacturing activities.
3. To engage in Customs Clearing and Forwarding Agents activities.
4. To engage in Travel and tour agents activities.
5. To engage in transport activities.
6. To engage in computer and related activities.
7. To engage in consulting activities.
8. To engage in as commission agents, representative of manufacturers and traders, wholesale and retails activities.

F) Ato Goitom Asfaha is appointed to be the Manager of the Company.
G) The Company is formed for unlimited period of time.

**GOTES Private Limited Company.**

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ዳንኤል የውሃንስ (ግራይ) - ካብ ላዕለዎት ኢንስትራክተራት ኣፍሪቃ

ካብ 2010 ዓ.ም ኣትሒዙ ሓላፊ ተክኒካል ዳይረክተር ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዑሶ እግሪ ኤርትራ ኮይኑ ኣብ ምስራሕ ደርኩቡ፡ ናይ ኢንስትራክተር ደረጃ ድሕሪ ምርካቡ፡ ተወሳኺ ስልጠናታት ብምውሳኽ ኣብ መወዳእታ ናይ 2021 መዓርግ ኢሊት ኢንስትራክተር ረኺቡ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ካብቶም 14 ላዕለዎት ኢንስትራክተራት ኣፍሪቃ ሓደ ክኸውን በቒዑ ኣሎ። ብዚይካ'ዚ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ቀረብ ንውድድራት ኩዑሶ እግሪ ብዕምቆት ተዓዚቡ ገምጋምን ትንተናን ብምሃብ'ውን ዝያዳ ይፍለጥ።

ዳንኤል የውሃንስ(ግራይ)፡ ኣብ ከባቢ ስታድየም ኣስመራ ተወሊዱ ስለ ዝዓበየ ብንእሽቶኡ ምስ ጸወታ ኩዑሶ እግሪ ክላለን ናብ'ቲ ዓውዲ ክኣቱን ሓጊዙዎ እዩ።



ኣብ 1992 ምስ ጋንታ ክርቢት ክጻወት ጀሚሩ፡ ክሳብ 1996 ከኣ ምስ'ዛ ኣብ እዋኑ ንዓበይቲ ጋንታታት ትብድህን ብሉጻት ተጻወትቲ ዝነበሩዋን ጋንታ ነበረ። ጎደኒ ጎደኒ'ዚ ምጽዋት ኩዑሶ እግሩ ትምህርቱ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ኣብ ምክትታል ድማ ይርከብ ነበረ።

ከም ተጻዋታይ ብጺጋማይ እግሪ ሓያልን ቅልጡፍን ክእለት ዘንጸባርቕ ዝነበረ ግራይ፡ ምስ ኣስመራ በራ ክልተ ዓመትን ፈረቓን ተጻዊቱ። ኣብ 1992'ውን ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ኤርትራ ኮይኑ ክጻወት በቒዑ እዩ።

ኣብ 2002 ካብ ጸወታ ኩዑሶ ተፋንዩ። ብድሕሪኡ ከም ምክትል ኣሰልጣኒ ኮይኑ ምስ ክለብ ህንጻ ሰሪሑ። ኣብ 2006 ንክለብ ኣኽርያ ናብ 1ይ ዲቪዥን ኣብጺሑን ኣብ 1ይ ዲቪዥን ተወዳዳሪት ክትከውን ኣብቂዕዋ።

ንክለብ ቀይሕ ባሕሪ ካብ 2008 ክሳብ 2010 ኣብ ዝኣለመሉ'ውን ክልተ ዓመት ዘውዲ ሻምፕዮን ክደፍእ በቒዑ እዩ። ኣብ ሓደ ዓመት ስፖርት ብምኽንያት ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ንዘተዓለወ ውድድራት ንመብዝሕትኦም ክዕወተሎም ብምኽኣሉ ኣብ ግዜኡ ካብ ብዙሓት ወገናት ኣድናቖት ረኺቡ።

ብፍላይ ኣብ 2019 ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ኤርትራ ከም ተሓጋጋዚ ኣሰልጣንን ናይ ቴክኒክ ኣማኻርን ኮይኑ ናብ ኡጋንዳ ኣብ ዘምርሓሉ፡ ምስ ኣሰልጣኒ ኣለምሰገድ ኤፍሬምን ካልኦት ተሓጋገዝትን ብምዃን ተጻወትቲ ናይታ ሃገራዊት ጋንታ ምስ ሓድሽ ዝተኣታተወ ፍልስፍና ኣጸዋውታ ኩዑሶ እግሪ፡ ዓይነት ኣጸዋውታ፡ ሜላ ኣሰላልፋን ሽቶ ምምዝጋብን ኣብ ዝበሉ ኣምራት ኣብ ሜዳ ንኸተግብርዎ ፍልጠቱ ኣካፊሉ። ከም ወጽኢቱ ከኣ እታ ሃገራዊት ጋንታ ብዘለኣ ብቕዓትን ካብ ናይ ቀደሚ ሕጂ ብዝተፈልየ ብዙሓ ዘለዎም ሽቶታት እናመዝገበትን 2ይ ደረጃ ክትሕዝ በቒዓ።

ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ዝጠፈ ግራይ፡ ኣብ 1997 ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ብምዕቃብ ማይን ሓመድን ብቐዳማይ ዲግሪ ትምህርቱ ዛዚሙ። ግቡእ ወታደራዊ ታዕሊም ንምውሳድ ከኣ ምስ ኣባላት ሃገራዊ ኣገልግሎት 7ይ ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዱ። ግቡእ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ንሓደ ዓመት ዝኸውን ከም መምህር ኮይኑ ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ሓድነት- ኣስመራ፡ ብድሕሪኡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዞባ ደቡብ ተመዲቡ'ውን ሰሪሑ። ኣብ ሚኒስትሪ ዜና'ውን ከም ጋዜጠኛ ኮይኑ ንኣስታት 6 ኣዋርሕ ነጢፉ። ብዚይካ'ዚ ኣብ ቤ/ጽ ሚኒስትሪ ማይን ኣከባብን ኣስመራ'ውን በቲ ትምህርቲ ዝዘዘመሉ ዓውዲ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ኣገልጊሉ እዩ።

ዳንኤል - ግራይ፡ ኣብ ዝኣተዎ ሞያ ዕወት ንኽኸውን ንጹር ራኢን ዕላማን ከምዝነበሮ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኩዑሶ እግሪ ስነ ፍልጠት ኮይኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ምስ ዘሎ ምዕባለ ንኽሰጓዓዝ ምንዛብ ከም መሰረታዊ መገበ ጌሩ ስለዝወሰዶ፡ ዘለዎ ፍልጠትን ደረጃን ንምምዕባል እዋናዊ ሓበሬታታት እናተኸታተለ ይጽዕር።

ኢንስትራክተር ንምዃን ብዙሕን ዝተሓላለኸን መስርሓት ከምዝሕለፈ ዝገልጽ ዳንኤል፡ ከም ኣብነት ንምጥቃስ፡ 3 ግዜ ብ 3 ናይ ደረጃታት ፈተናታት ሓሊፉ 40 ካብ ዝኾኑ ኢንስትራክተራት፡ ክሳብ 14 ዝተርፉ ብብቕዓት ክምርሽ ክኢሉ'ዩ።

ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያን ኬንያን በቲ ዝወሰዶ ስልጠናታት ክምህር ከሎ፡ ኣብ ወሽጢ ሃገር'ውን ንዝተፈላለዩ ስፖርተኛታት ብብዙሒ ኣስተምህሮታት ሂቡ። ንቅጻሊ ምስ ድሌታቱን ሓለፍቱን ኣዛሚዱ፡ ኣብ ብዙሒ ዘድልዮ ኣብ ዓይነት ኣተኩሩ ዝሀቦም ስልጠናታት ክውድብ መደብ ከምዘለዎ ይዛረብ።

ዳንኤል፡ ከም ዳይረክተር ቴክኒክ ኮይኑ ኣብ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዑሶ እግሪ ኤርትራ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን፡ ቀንዲ ዝጥረፈሉ፡ ምዕባለ መደባት ኩዑሶ እግሪ ህጻናት፡ ምዕባለ መንእሰያትን ደቂኣንስትዮን ይከታተልን ውጥን የውጽእን። ካልእ ዝሰርሓሉ ምፍራይ ኣሰልጠንቲ እዩ። ዳንኤል ከም ተጻዋታይን ኣሰልጣንን ጸብጻብ ተመኩሮ'ዩ ዘለዎ። ምስ'ቲ ዝተማህሮ ኣወሃሂዱ ንኣሰልጠንቲ ዝሕግዝን ዝጠቅምን ምስ እዋኑ ዝኸይድን ምዕቡል ዝበሎ ስልጠናታት'ውን ይህብን እዩ።

ኢንስትራክተር ክኸውን ዝኽእል፡ ናይ ምጽዋትን ምስልጣንን ተመክሮ ዘለዎ ምኳኑ ዘረድእ ግራይ፡ ፍቓድ ደረጃ 'ኤ' ምስ ሓዘ ኣብ ወርክሾፓትን ካልእን ድሕሪ ምስታፍ ከም'ኡ'ውን ንዝተዋህቦ መርመራታት ብብቕዓት ድሕሪ ምሕላፍ እቲ ማዕርግ ከምዝወሃቦ ይሕብር።

ኩዑሶ እግሪ ህጻናት (grassroots) ንምትግባር ሓደ ዓቢ ፕሮጀክት ተበጊሱ ምንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። ብመሰረት ሓበሬታ ግራይ፡ እዚ ፕሮጀክት፡ ብደረጃ መዐቀኒ ምዕባሌታትን ንቕሓትን ኣፍልጦ ኣብ ሕብረተሰብ ብምስፍሑን ምዕባዩን ሓደ




ዕወት ምዃኑ፡ ዝርጋሐኡ ኣብ ዝበዝሕ ክፋላት ሃገርና ብምልኣት ንኽትግበር ብዕቱብ ተታሒዙ ይሰርሓሉ ምህላው የብርህ።

ብቑዕ ኣሰልጣኒ ዝበሃል እኹል ፍልጠት ኩዑሶ እግሪ ሃልዩዎ፡ ኣፍልጦኡ ብዝተቐለለ መንገዲ ንተጻወትቱ ዘረድእ፡ ኣብ ኣጸዋውታ ዝፍጸሙ ጸገማት ብዝደቐቐን ብዝርዝርን መፍትሒታት ንተጻወቱ ዘሰንቕ ምዃኑ'ዩ ግራይ ዘረድእ። ብዚይካ'ዚ፡ ጋንታኡን ተጻወትቱን ከማሓድር ትብዓት ዘለዎ፡ ኑቡሱ ዝመልኽ፡ ኣብ ግዜ ጸወታ ካብ ብስምዒት ዝያዳ ምኽንያታዊ መልእኽታት ከመሓላልፍ እኹል ዓቕሊ ክህልዎ ድማ ይመክር። ግራይ ብኸምዚ ብደረጃ ዓለም ኣብ ኣጸዋውታ ኩዑሶ እግሪ ባህ ዝብሎ ኣሰልጣኒ ናይ ማን ሲቲ ፔፕ ጋርዲዮላ ምዃኑ'ዩ ዝሕብር። ብዙሓ ምሕደራ ናይ ክለብት ዝተጻሕፈት ናይ ፈርጉሰን መጽሓፍ ድማ ትምስጦ።

ከም መረዳእታኡ ብቑዕ ዝበሃል ተጻዋታይ፡ መሰረታዊ ጠለባት ግጥም ዝማልእ፡ መሰረታዊ ጠለባት ክእለት ዝጻወተሉ ቦታ ሃልዩዎ ንብቕዓቱ ከተግብር ናይ ኣካላውን ኣእምራውን ድኻም ከየርኣየ፡ ን90 ደቓይቕ ክጻወት ዝኽእል ምዃኑ ብኸምዚ ዝምስጦ ተጻዋታይ ከኣ ናይ ኣርሰናል ኦዴጋርድ ምዃኑ ይሕብር። ካብ ናይ ወሽጢ ሃገር ዝበሩ ጉዳይም ተጻወትቲ ድማ ናይ 'ኤልፓ' ነፍሰሄር ሚከኤል( በኛ) ብኽእለት ኣጸዋውታኡ የድንቖ።

ንሓንቲ ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ድኸምቲን ሓያልን ኩብልዋ ዝኸእሉ ብዙሓት ረቛሒታት ኣለዉ። መማኸሊ ብሉጽነታ በቲ እተመዝገቦ ወጽኢት ጥራይ ኢና ንዕቅና። ዳንኤል ግና ብቕዕቲ ጋንታ፡ ንዝለዋ ጸጋታት ብኣደማዕነት እትጥቀም ኮይና፡ ካብ'ቲ ብዙሕ ጸጋታት ጋንታ ተጻወትታ ስለዝኾኑ፡ ንዘለውዋ ተጻወትቲ፡ ብዝምጥኖን ኣደማዕቲ ዝጉብርም ኣጸዋውታ እትሃንጽ'ኳ ንዘሃንጸቶ ኣጸዋውታ፡ ብናጽነትን ብዝተቐለለን መንገዲ ክተግብርዎ ባይታ እተጣጥሕ ጋንታ'ዩ ብቕዕቲ ዝበሎ።

ኣብ መራኸቢ ብዙሃን ቀረብ ንዝህቦም ትንታኔታት ዝጠዝሑ ብኣድናቖት ክቕበልዎ ከለው፡ ገለ ስምዒታውያን ደገፍቲ ግን ኣንጻር ጋንታኦም ንዘውሃብ ትንተና ኣይቕበልዎን።

ቅድሚ ትንተናን ገምጋምን ናይ ዝካየዱ ውድድራት ምሃብ፡ ኣቐዲሙ ምድላዋት ይገብረሉ'ዩ። ገለ ድሕሪ ባይታን ሕሉፍ ሓብሬታን ግጥም የዋህልል፡ ንግጥም ተዓዚቡ ስእሊ ኣእምሮ ኣብ ውሽጡ ይሕዝ፡ ንውሽጡ ብምስማዕ ውሽጡ ዝዘርኦ ቀንዲ መወከሲ ሓሳቡ ይገብሮ፡ እዚ ማለት ብሸሩታትን ሰባትን ተጸልዩ ትንታኔ ኣይህብን።

ኣብ ዓወትን ውድቀትን ሓንቲ ጋንታ ወኒ ኮይኑ ዝጻወት ብዝይካ ኣሰልጠንትን ተጻወትን ምሕደራኣ'ዩ። ምሕደራ ሓንቲ ጋንታ ወጽኢታዊ ክኸውን እንተኾይኑ ብሸሉ መዳዩ ተጻዋታይ ዘማእከለ ኣገባብ ምሕደራ ክኽተል ከም ዘለዎ'ዩ ግራይ ዝመክር።

ናይ ወሽጢ ሃገር ተጻወትና ኣብ ኣህጉራዊ ይኹን ናይ ወሽጢ ሃገር ውድድራት ከምእንዕዘዞ ወላ'ውን ኣብ ኣካላዊ ቁመና ብኣንጻር መጋጥምቶም እንተተበለጹ፡ ኣብ ቴክኒካዊ ብቕዓቶም ጹብለል ኢሎም ኣተባባዒ ወጽኢት ዘመዝገቡሉ እዋናት ኣለው። ሱዩት ከምዝሕብርዎ፡ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ዝጥርነፉ ተጻወትቲ ብፍላይ ብሓንሳብ ንነውሕ ዝበለ እዋናት ልምምዳት ገይሮም ንኣህጉራዊ ውድድራት ኣብ ዝቐርብሉ በዓህቲ ዝኾኑሉ እዋናት ውሑድ ኣይኮነን። ውድድራት ኩዑሶ እግሪ ሃገርና ንኽምዕበል ኣብ ብዙሓ ጋንታታት ጥራይ ዘይተኣስ ኣብ ዓይነት ኣድሂቡ ክስራሓሉ ከምዝለዎ'ዩ ድማ የረድእ።

ዳኒኤል ብጋንታታት ማንቸስተር ሲቲ፡ ሊቨርፑልን ካልኦት ጋንታታትን ክትግበር ዝርአ ፍልስፍና ናይ ኣጸዋውታ ከም ኣርኣያ ኢሉ ክገልጾ ከሎ ኩዑሶ ካብ ድሕሪት ሂጸካ ምጽዋትን ኣብ ግዜ ምክልኻል ምስ መጋጥምትኻ ዘላ ኩዑሶ ክሳብ ኣስጊኢት ዘይተትካ፡ ብዙሕ ከይተገደስካ ኣብ ከባቢ ክሊ ልዳትካ ብምዃን ምጽዋትን ኣጉዳሲ ምዃኑ'ዩ ዝኣምን።

ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ዝተፈላለዩ ግጥማት ክሀሉ ከሎ ካብ ምክትታል ዓዲ ዘይወዓል ዳንኤል፡ ኣብ ትርፊ ግዜኡ ከም



ብሊያርዶን ስቱኖን ምክትታልን ምጽዋትን የዘውትር፡ ብፍላይ ንውድድራት ናይ ዓዲ እንግሊዝ ብተማሰጦ'ዩ ዝከታተሎ። " ፕሪመር ሊግ፡ ንዓይ ጸወታ ኩዑሶ እግሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣቐዲምካ ደሪኽካ ዘይትሰርሖ ፊልም'ዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ክሳብ'ዚ ሎሚ ሰንበት ዝቐደ ወኒ ግጥም፡ ኣመና መሳጥቲ ነይሮም። ብፍላይ ሲቲን ኣርሰናልን ክሳብ ምዛዘም ውድድር ንተዓዚብቲ ኣንጠልጢለን ምጉዓዘን እቲ ካልእ መቐረት ናይ'ቲ ውድድራት ነይሩ " ይብል።

ፍሉይ ኣጋጣሚታት፦

ግራይ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት፡ ስልጠና ንምውሳድን ኮርስ ንምሃብን ኣብ ዝኸደሉ እዋን፡ ብዙሓ ኤርትራ ብዕምቆት ዝፈልጡን ዝገደሱን ሰባት፡ ዘለዋ ምሕደራ ብደረጃ ዓለማዊ ኩነታት ኣዘዩም ከም ዝሕበኑ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ብሰንኪ ምሕደራ ዝሰኣንኦ ናጽነትን ናጻ ሕርያን፡ ብሕጂ'ውን ክረኽብኦ ዘይክኣላ ዝሃንጠየኦ ኤርትራ ግና ኩሉ መዳያዊ ማሰዋእቲ ከፊላ ዝዓቀበቶ ናጽነታን ናጻ ሕርያን ከምዘድንቑን ከዕልልዎ ከለው ኣመና ከምዝሕበኖ'ዩ ይሕብር።

ብዚይካ'ዚ ኣብ ካፍ ናይ ኢሊት ኢንስትራክተር ፈተና ተፈቲኑ ምስ ብዙሓትን ምኩራትን ኢንስትራክተራት ተወዳዲሩ ሓሊፉን ዝተባህለ መዓልቲ ዝተሓንሰሉን ካብቶን ብፍሉይ ዝዝክረን ኣጋጣሚታት ምንባሩ ይዝክር።

ዳንኤል ኣብ መወዳእታ፡ "ተጻወትና ኣካላዊ ብቕዓት የብሎምን ኢልና ካብ ጸወታ ክንወጽእ ግቡእ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣብ ፈጠራውነትን ጥበብን ኣድሂብና ክንሰርሕ ምርጫ ኣለና" ድሕሪ ምባል፡ "ጸገምና ንነደኒ ገዲፍና ካልእ ጸጋታት ንምንዳይ ምብልሓት የድሊ። ኣብ ናይ ጸወታ ሜዳ ኸኣ ኣካላዊ ብቕዓት የብለይን ከይበልካ፡ ንዘሎካ ጥበብ ናብ ወጽኢት ምቕያር የድሊ" ብምባል ይዛዝም።

መድሃኔ ኤርምያስ



### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

ፕሪመር ሊግ

ሰዓት 6፡00 ምሸት

ኣርሰናል ምስ ኤቨርተን

ብረንትፎርድ ምስ ኒውካስል

ብራይተን ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ

በርንሊ ምስ ኖቲንግሃም

ቸልሲ ምስ በርንማውዝ


ፓላስ ምስ ኣስቶን ቪላ

ሊቨርፑል ምስ ዎልቭስ

ሉተን ምስ ፉልሃም

ማንቸስተር ሲቲ ምስ ዌስትሃም

ሸፊልድ ምስ ቶተንሃም



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣርተፊሻላዊ ብልሒ - ንሰባት ከደናግር ምጅማሩ ክኢላታት ይሕብሩ

ኣብ ኣመሪካ ብዘርከቡ ክኢላታት ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ንዝተፈላለዩ መዓላታት ተባሂሎም ዝማዕበሉ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ፡ ድሮ ንሰባት ከደናግሩ ጀሚሮም ምህላዎም ተረጋጊጹ።

ኣብ'ቲ መጽናዕቲ፡ እቶም ንሰባት ንምሕጋዝን ቅኑዕ ሓበሬታ ንምሃብን ክሕግዙ ዝጸንሑ ኣርተፊሻላዊ ኣስተውዕሎ፡ ንሰባት ንምድንጋር ዝዓለመ ክእለት ተማሂሮም ምህላዎም እዩ ክረጋገጽ ክኢሉ ዘሎ። ኣብ ምምዕባል ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝሰርሑ ክኢላታት፡ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ኣሉታዊ ጠባያት ንኸማዕብል ዝደረኾ ቀንዲ ምኽንያት ዋላ ብንጹር ኣይፍለጥዎ፡ ምስ ምርቻቕ



ናይ'ዚ ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ፡ ዝዓበየ ባህርያት ክኸውን ከምዝኽእል እዮም ዝሕብሩ።

እዚ ናይ ምድንጋር ጠባይ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ጸወታ (game) ዝሰርሑ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ዝተራእየ ኮይኑ፡ በቲ ዝማዕበሎ ጠባሪ ባህርያት፡ ኣብ ግዜ ጸወታ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ክዘርግሐን ንሰባት ከምዝምዝገን ከምዝተራእየ ተገሊጹ። ብዘይካ'ዚ፡ እዞም ክኢላታት ኣብ ካልእ መዓላ ኣብ ዝሰርሕ ዝበረ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ናይ ድሕነት መርመራ ኣብ ዘካይዱሉ ዝበሩ እዋን፡ እቲ ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ቅድሚኦም ሓሊፉ ብምጽናሕ፡ ከም ዝሞተ መሲሉ ካብ'ቲ ናይ ምእላይ መርመራ ከምልጥ ከምዝተራእየ ተሓቢሩ።

እዚ ኣብ ጸወታታት ዝሰርሕን ኣብ ናይ ድሕነት መርመራ ዝተሳተፍን ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ተራእዩ ዘሎ ጥበራ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ተጓዳኢ ከምዘይኮነ ተሓቢሩ። እንተኾነ፡ እዚ ጠባይ ብዝማዕበለ መልክዑ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓላታት ብዝሰርሑ ዓይነታት ኣርተፊሻላዊ ብልሒ ምስ ዝርዓም ግን፡ ንምቁጽጻሮም ኣሸጋሪ ክኸውን ከምዝኽእል ኣጠንቂቖም። እዚ ብሰላሕታ ዝምዕበል ዘሎ ናይ ምድንጋር ባህሪ ብዘምልክቶ ኣካል ቅልጡፍ ኣራሚ ስጉምቲ እንተዘይወሲዱሉ፡ ንድሕነት ሰባት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ምኻኑ ድማ እቶም ክኢላታት ወሲኾም ኣገንዚቦም።

## ኣብ መዐሸጊ መግቢ ፕላስቲክ ኣስታት 10 ሽሕ ከሚካላት ተረኺቦም

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኖርወይ ብዘርከቡ ተመራመርቲ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ንመዐሸጊ መግቢ ኣብ ዘገልግሉ ፕላስቲካት፡ ክሳብ 9,936 ዝበጽሑ ኬሚካላት ከምዝተረኽቡ ተፈሊጡ።

ፕላስቲክ ብዝተፈላለዩ ኬሚካላት እዩ ዝስራሕ። እዚ ብዘለዎ ናይ ምትዕጽጻፍን ናይ ዘይምብልሻውን ባህሪ ኣዝዩ ተፈታዊ ዝኾነ ፍርያት፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መዓላታት ዝውዕል ኮይኑ፡ ብሰፊሑ'ውን ከም መዐሸጊ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መግብን መስተን ኮይኑ የገልግል ኣሎ። ኣብ'ዚ ናይ ሕጂ መጽናዕቲ ከኣ፡ ኣብ ምዕሻግ መግቢ ኣብ ዝውዕል ሓደ ፕላስቲክ፡ ክሳብ 9,936 ዝበጽሑ ዝተፈላለዩ ኬሚካላት ከምዝርከቡ'ዩ በቶም ተመራመርቲ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ። እቶም ተመራመርቲ፡ ካብ ሓሙሽተ ሃገራት ዝተዋጽኡ 36 ዓይነታት መዐሸጊ መግቢ ፕላስቲክ ኣብ ዝተዓዘቡሉ ግዜ፡ ንምንዛዕ ሆርሞናት፡ መስርሕ ሜታቦሊዝምን ስርዓተ ፍርያምነትን ብኣሉታ ዝጸልዉ ኬሚካላት ከምዝረኸቡ ሓቢሮም።

ሆርሞናት መልእኽተኛታት ናይ ኣካላት ኮይኖም፡ ውሽጣዊ ክፋላት ኣካላት ኣብ ኑሉድሕዶም ንክረዳድኡ ይሕግዙ። ሜታቦሊዝም ከኣ ኣካላት ጸዓት ረኺቡ ንክሰርሕ ዝሕግዞ ማዕድናት ኣብ ምቕራብ ዝሰርሕ መስርሕ እዩ። ኣብ'ቲ ወጽኢት ድማ፡ ኣብ ምስራሕ ፕላስቲክ ካብ ዘገልግሉ ብርክት ዝበሉ ኬሚካላት፡ ኑቲ ኣብ ውሽጢ ኣካላት ዝካየድ ምትሕልላፍ ናይ ሓበሬታታት ብኣሉታ ከምዝጸልዉ፡ እቶም ተመራመርቲ ሓቢሮም። ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከኣ፡ ፕላስቲክ ንዝተፈላለዩ ሓደገኛ ኬሚካላት ከምዝቃልዕ እዩ ተሰሊዩ ጸኒሑ።

ኣብ ካልእ መጽናዕቲ'ውን ዝጠዘሑ ካብ ፕላስቲክ ዝተሰርሑ ፍርያት ምስ ማይ ምስዝሕወሱ፡ ኬሚካላት ከምዝተፍኡ እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ። ይኹን'ምበር፡ ውሑድ ክፋል ካብ'ዞም ኣብ ፕላስቲካዊ መዐሸጊ መግቢ ተሰልዮም ዘለዉ ኬሚካላት ጥራይ እዮም ብዕቡእ ተጸኒዮም ሳዕቤናቶም ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ። እንታይነት ዝጠዘሑ ካብ'ዞም ኬሚካላት ብዕቡእ ስለዘይተጸንዐ ግን፡ ምሉእ ምስሊ እቲ ኣብ ሰብን ኣከባብን ከውርድዎ ዝኽእሉ ሳዕቤናት ኣይተፈልጠን ዘሎ።

እቶም ተመራመርቲ ኣብ መወዳእታ፡ እተን ኣብ ምፍራይ መግቢ ዝሰርሓ ፋብሪካታት፡ ንፍርያተን ብኻልእ ዘይጉድእ መዐሸጊ ሃገራት ክትክኣኣ ተማሕጺኖም።



## “ማንጉስ፡ ብሕልፊ ንሽማግለታትን ነፍሰ-ጾራትን ጠቓሚ እዩ” መጽናዕቲ

ኣብ ሓደ መጽናዕቲ፡ ማንጉስ ብዘለዎ ዝተፈልየ ማዕድናዊ ትሕዝቶ፡ ኣብ ዕድመ ወሊድ ንዝርከብ ደቂ-ኣንስትዮ ብፍላይ ከኣ ንነፍሰጾራት ኣደታትን ብዕድመ ዓብዩቲ ንዝኾኑት ሰባትን ዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጥቕምታት ከምዝሁብ ተሓቢሩ።



ነፍሰጾራት ኣደታት፡ ከም ጸቕጢ ደምን ኣብ እዋን ጥንሲ ዝመጽእ ሕማም ሽኮርን ዝኣመሰሉ ንጥዕናአን ድሕነት ናጽላአንን ኣብ ሓደጋ ከእትዉ ዝኽእሉ ጸገማት ጥዕና ብዘይዳ ዝተቓልዓ እየን። ኣብ ማንጉስ ዝርከብ ከም ጽሕጊ፡ ማግነዚዩም፡ ፖታሽዩም፡ ቫይታሚን ኢን ፎሊይትን ዝኣመሰሉ ትሕዝቶታት ድማ፡ ንተኽእሎ እቶም ምስ ጥንሲ ዝተሓሓዙ ሕማማት ከምዝጎድልዎ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

እቲ መጽናዕቲ ኣብ ልዕሊ 16 ሽሕ ደቂ-ኣንስትዮ ንከቢ 20 ዓመታት እዩ ተኻዪዱ። ኣብ'ቲ ወጽኢት ከኣ፡ እተን ኣብ ኣመጋግባአን ማንጉስ ዘጠቓልላ ዝበራ ተሳተፍቲ፡ ካብ'ተን ዘይከውትራ ግን ከኣ ተመሳሳሊ ትሕዝቶ ዘለዎ መግብታት ዝምግባ ዝበራ፡ ብ16 ሚእታዊት ዝለዓለ ብቐዓት ትሕዝቶ ዘለዎ መግቢ ይምገባ ምንባረን እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

ብተወሳኺ፡ እቲ መጽናዕቲ ኣብ'ቶም ልዑል ትሕዝቶ ዘለዎም መግብታት ዝጠልቡ ልዕሊ 60 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት እውን ተኻዪዱ እዩ። ኣብ ማንጉስ ዝርከቡ ትሕዝቶታት ኣብ ካልእ ዝውቱራት ዓይነት መግብታት ብእኹል ዓቕሚ ስለዘይርከቡ፡ ንበቕዓት ኣመጋግባ እቶም ማንጉስ ዝበልዑ ዓበይቲ ሰባት ብ13 ሚእታዊት ክብ ከምዝበሎ ተጸሊሩ።

## ንኣሉታ ኣልኮል ኣብ ኣካላት ዘጉድል ‘ጀል’ ተሰሪሑ

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዙሪክ ስዊዘርላንድ ዝመደበሮም ሳይንቲስታት፡ ንኣሉታዊ ጽልዋ ኣልኮል ኣብ ኣካላት ዘጉድል ጀል ከምዘማዕበሉ ሓቢሮም።

እዚ በቶም ሳይንቲስታት ማዕቢሉ ዘሎ ጀል፡ ኑቲ ናብ መዓንጣ ዝኣተወ ኣልኮል፡ ቅድሚ ናብ ሰራውር ደም ምጽንባሩ ናብ ዘይጎድእ ኣቸቶ ከምዝልወጦ እዩ ዝሕብር ዘሎ። ኣድማዕነት እዚ ጀል ንምፍላጥ ኣብ ኣናጹ ኣብ ዝተኻየደ ፈተነ ከኣ፡ እዚ ጀል ንዓቕን እቲ ኣብ ደም ዝርከብ ኣልኮል ብ50 ሚእታዊት ብምጉዳሉ፡ ኑቲ ኣብ ኣካላት ዝወርድ ዕንወት ብማጠኑ ከምዝቕሉሎ ገሊጾም።

ኣልኮል ናብ ሰራውር ደም ምስ ዝኣቱ፡ ናይ ምትካር ብቕዓት ከቡድል ከሎ፡ ከም ሳዕቤኑ ከኣ ንተኽእሎ መውደቕትን ካልእ ሓደጋታትን የዕቢ። ብዘይካ'ዚ ዓቕን ኣልኮላዊ መስተ ብዝኸውን ምጥቃሙ ምስ ምብዛሕ ጽዋ ዝካልኣዩ ኮይኑ፡ ምስቲ ኣብ ስሩዕ ሕማማት ከምዝስዕብ ... ብፍላይ ካብ ዝኾኑ ስምዑ ካብ ሓዲ ኣልኮላዊ መስተ ብተኸታታሊ ምስትያይ ከኣ ንሕማም ጸላም ከብዲ፡ ረኽሲ፡ ሕማም መሸሻሽ፡ ጸገማት ከስዕብ መዓንጣን የቃልዕ። ኣብ ተጉዳእነት ብዘሓ ኣልኮላዊ መስተ ኣመልከቲ ብደረጃ ዓለም ዝተዘርግሐ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ከኣ፡ ዓመታዊ ከባቢ 3 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ልዑል ዓቕን ኣልኮላዊ መስተ ከምዝሞቱ የመልክት።

እዚ ኸኣ ኣብ ኣናጹ ጥራይ ተፈቲኑ ዘሎ ጀል፡ ዋላ ኣብ ሰባት እውን ኣድማዒ ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ከምዘለዎ'ዩ በቶም ሰራሕቱ ዝግለጽ ዘሎ። እዚ ጀል ቅድሚ ኣልኮላዊ መስተ ምስታይና ወይ ከኣ ኣብ እንስትየሉ እዋን ምስ ዝውሰድ፡ ንምልዓል ዓቕን እቲ ናብ ደም ዝኣቱ ኣልኮል ከጉድሎ ከሎ፡ ብሰንኪ ኣልኮል ኣብ ጥዕና ንዝወርድ ሳዕቤናትን ኑቲ ሰኸርካ እተውርዶ ዕንወትን ከምዝቕሕቶ ድማ ወሲኾም ኣረዲኦም።

እዚ ቀስ ብቐስ ከምዝሓቅቕ ዝግለጽ ዘሎ ጀል፡ ብፕሮቲናት፡ ጨው፡ ማይ፡ ናይ ሓጺን ኣቶማት፡ ወርቅን ባህርያዊ ሽኮርን ብምቕንባር እዩ ተሰሪሑ። እዚ ክብልዑ ብዝኽእሉ ጥረ-ነገራት ተሰሪሑ ዘሎ ጀል፡ ቅድሚ ኣብ ዕዳጋታት ምውራዱ ኣብ ወለንተኛታት ሰባት ክፍተን ከምዝኾነ እዩ በቶም ሳይንቲስታት ዝግለጽ ዘሎ።



## ዝተዳቐቑ ፕላስቲክ ካብ ማይ እትኣሊ መሳርሒት ማዕቢላ

ኣብ ቻይና ዝርከቡ ሳይንቲስታት፡ ካብ ዝስተ ማይ 99.9 ሚእታዊት ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ክትኣሊ እትኽእል መሳርሒት ከምዘማዕበሉ ሓቢሮም።

ኣብ ውሽጢ እዛ ‘ዋተካፕ’ ተሰምያ ዘላ መሳርሒት መጻረዪ ማይ ዝርከቡ ጥረ-ነገራት፡ ካብ ተኽሊ ዝተማስርሑ ምዃኖም እዩ ዝሕብር ዘሎ። ኣብ ዓይነት እቶም ኣብ ማይ ዝርከቡ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ተመርኲሳ ድማ፡ ካብ 95.2 ክሳብ 99.9 ሚእታዊት ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ከምእተጻሪ ሰሪሕታ ኣጸሪዮም። እዛ መሳርሒት ኣብ ምጽራይ ማይ ዘለዋ ኣድማዕነት ንምርግጋጽ ኣብ ኣናጹ ኣብ ዝተኻየደ ፈተነ ከኣ፡ በዛ መሳርሒት ዘይተጻረየ ማይ ዝሰትያ ኣናጹ ካብ'ተን በዛ መሳርሒት ዝተጻረየ ማይ ዝሰትያ ኣናጹ ንላዕሊ፡ ኣብ ኣካላተን ብብዝሒ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ከምዝተዓዝቡ እቶም ሳይንቲስታት ሓቢሮም። ብተወሳኺ እዛ መሳርሒ፡ ዋላ ኣብ ትሑት ደረጃ ብቕዓት ኣብ ዝለለወትሉ ግዜ እውን እንተኾነ፡ ኣብ ምጽራይ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት ዘለዋ ብሉጽነት ልዑል ምዃኑ ክረጋገጽ ተኻኢሉ ኣሎ።

መሳርሒት ‘ዋተካፕ’፡ ብዋናኡ ኑቲ ካብ ክዳውንቲ፡ መዐሸጊ መግብታትን መስተታትን ካልኦት ዝተፈላለዩ ፕላስቲካዊ ፍርያትን ዝመንጨወ፡ ብዘኣሰ መልክዕ ተዳቒቖም ኣብ እስተንፋስ ኣየር፡ እንበልዖ መግቢ፡ እንሰትዮ ማይ፡ ኣብ ሰራውር ደም፡ ጸባ ኣደን መዳሕንትን ህላወኦም ኣውሒሶም ዝርከቡ ፕላስቲካት ንምውጋድ እወታዊ ተራ ከምዝህልዋ፡ ክኢላታት ዝተፈላለዩ ዓውድታት ገሊጾም።

እዛ ብእትውንኖ ጥረ-ነገራት ኣብ ሰብን ኣከባብን ኣሉታዊ ሳዕቤን ከተውርድ ከምዘይትኽእል ትግለጽ ዘላ መሳርሒት፡ ዕምግታ ብዘቖለለ መንገዲ ከምእተሰላሰል ይሕበር። ሰራሕታ ከኣ ካብ'ዚ ተበጊሶም፡ መሳርሒት ‘ዋተካፕ’ ብደረጃ ዓብዩቲ ትካላትን መዝበራብትን ተሰሪሓ ኣብ ምጽራይ ዝተዳቐቑ ፕላስቲካት መታን ክትውዕል፡ ኣብ'ዚ ዓውዲ ዝምልከቶም ኣካላት ኣቓልቦ ክገብሩላ ጸዊዒት ኣቕሪቦም።




ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ሰሸል
ፋርማሲ ናጽነት
ፋርማሲ ናሻ
ዕለት
19/05/2024
ጎደና
ጎደና ናቕፋ ቁ.33፡ ጥቓ እንዳ ኣልፋ
ጎደና 176 - 3 ቁ.8፡ ክቢ. ሚኒስትሪ ትምህርቲ
ጎደና ዓይቶት ቁ.ገዛ 214 ክቢ. ፖስጣ ዕዳጋ ዓርቢ
ቁ.ስልኪ
120601
122035
07120574
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services